2 5 APR 1996

# ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ

ብመንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ 6/1996 ቁ. 2 ኣስመራ 6 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም. ዋጋ 2:00 ብር

## ኣዋጅ ቁጽሪ 85/1996

## ንናይ ብልሽውና፡ ስርቅን ምጥፍፋእን ገበናዊ ተግባራት ርእዩ ዝውስን ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ

# ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ

ብመንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጽ. 6/1996 ቁ. 2 ኣስመራ 6 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም. ዋጋ 2:00 ብር


## ኣዋጅ ቁጽሪ 85/1996

## ንናይ ብልሽውና፡ ስርቅን ምጥፍፋእን ገበናዊ ተግባራት ርእዩ ዝውስን ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ

# ኣዋጅ ቁጽሪ 85/1996

## ንናይ ብልሽውና፡ ስርቅን ምጥፍፋእን ገበናዊ ተግባራት ርእዩ ዝውስን ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ

-መንግስቲ ኤርትራ ህዝቢ ኤርትራ ብመሪር ቃልስን መስዋእትን ዘምጽኦ ናጽነት ሰላምን ራህዋን ዲሞክራሲን ፍትሕን ዝዓሰሎ ክኸውን ካብ ዘለዎ ክቱር ድሌትን ሃንቀውታን ብምብጋስ፡ ዝዓነወ ቁጠባ ሃገር ንምሕዋይን ንኹለን ትካላት መንግስቲ፡ እንኮላይ ንኣብያተ ፍርዲ ንምህናጽን ምሕያልን ዝበርትዐ ጻዕርታት ኣብ ምክያድ ስለዝርከብ፡

-ንኣብያተ ፍርዲ ብዝምልከት፣ ንጥቀመሎም ዘሎና ድብቱራት ሕግታት ካብ ህዝብና ዘይመንጨዉን ሙሉእ ብሙሉእ ድሌቱ ዘየንጸባርቑን ናይ መምለጢ ነቓዓት ዝበዝሖም ናይ ለቓሕ ሕግታት ብምኻኖም፣ ብዓይነት ኮነ ብብዝሒ ርኡይ ናይ ሕጊ ሙያዊያንን መሳለጢያታትን ሕጽረት ብምህላዉ፣ ንምጽራይ ኣብያተ ፍርዲ ዛጊት ዝተወስዱ ስጉምታት ንናይ ተሞክሮታት ምትሕውዋስን ጽልዋ ብኩል ኣተሓሳስባን ካብ ምስዓብ ሰጊሮም ገና ኣብቲ ዝድለ ናይ ጽሬት ደረጃ ብዘይምብጽሖምን ኣብያተ ፍርድን ናይ ጸጥታ ትካላትን መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ደረጃ ዕሽልነት ብምርካቦምን፣ ነቲ ዝድለ ፍትሒ ብኣጋኡ ናይ ምርግጋጽ ዓቕሞም ኣዝዩ ዝተደረተ ኮይኑ ስለዝተረኽበ፡

-መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተኣፋፊ ናይ ህንጻ ሃገርን ምስረታ ጽፉፍ ትካላዊ ኣሰራርሓን መድረኽ ብውሑዱ ናይ ሕብረተሰብ መንሽሮ ንዝኾኑ ናይ ብልሽውና፣ ስርቅን ምጥፍፋእን ገበናት ብሓደ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ክምዝርኣዩን ዝውሰኑን ጌሩ ነቶም ገበነኛታት ብዘይ ወዓል ሕደር ብኣግኡ ብመጠን ኣብ ሕብረተሰብ ዘስዕብዎ ጉድኣትን ዕንቅፋታትን ክምዝቕጽዑን ዝእረሙን ብዘይካ ምግባር ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺ ስለዘይብሉ፣
ነዚ ዝስዕብ ይእውጅ፡-

1. <u>ሓጺር ኣርእስቲ</u>

እዚ ኣዋጅ'ዚ " ንናይ ብልሽውና፡ ስርቅን ምጥፍፋእን ገበና
ተግባራት ርእዩ ዝውስን ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንምቛም ዝወ
ኣዋጅ ቁጽሪ 85/1996" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

2. <u>ምቛም ፍሉይ ቤት ፍርዲ</u>

(1) ንናይ ብልሽውና፡ ስርቅን ምጥፍፋእን ገበናዊ ተግባራት
ፈተነታትን ኣብ ፍትሒ ተሞርኪሱ ርእዩ ዝውስን ሓደ
ፍሉይ ቤት ፍርዲ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ቆይሙ ኣሎ።

(2) ኣቦ መንበርን ዳያኑን ፍሉይ ቤት ፍርዲ ብፕረዚደንት
መንግስቲ ኤርትራ ይምዘዙ።

(3) ፍሉይ ቤት ፍርዲ ብኣቦመንበሩ ዝመሓደር ኮይኑ፡ ባጀቱ
ንመንግስቲ ኣቕሪቡ'ን ኣጽዲቑን ዘድልይዎ ሰራሕተኛታት
ክቖጽር ይኽእል።

3. <u>ስልጣን ፍሉይ ቤት ፍርዲ</u>

ኣብ ካልኦት ሕግታት ዝሰፈረ ድንጋጌታት ብዘየገድስን ኣብ ላዕሊ
ብሓፈሻ ብዝተደንገገ ከይተደረተን ፍሉይ ቤት ፍርዲ እዚ ዝስዕብ
ስልጣን ይህልዎ፡-

(1) ንዝኾነ ናይ ብልሽውና፡ ስርቂ ወይ ምጥፍፋእ ገበናዊ
ተግባር ወይ ፈተነ ብበይናዊነት ናይ ምድናይን ምውሳንን፣

(2) ዘድልዮ ምስክር ብትእዛዝ ጸዊዑ ናይ ምስማዕን ዘድልዮ
ካልእ መርትዖ ክቐርበሉ ኣዚዙ ናይ ምርኣይን፣

(3) ውሳኔ ወይ ፍርዲ ንምሃብ ዘኽእሎ ዝኾነ ስርዓትን ኣገባብ
ምምርማርን ምጽራይን ጉዳያትን መርትዖታትን ናይ
ምጥቃም፣

(4) ብቑዕ ኢዩ ዝበሎ መጠን ናይ ማእሰርቲ፡ ገንዘብ፡ ወይ ናይ
ማእሰርትን ገንዘብን መቕጻዕቲ ናይ ምውሳን፡

(5) ከም ውጽኢት ብልሽውና ስርቂ ወይ ምጥፍፋእ ገበናዊ
ተግባር ንዝተረኽበ ገንዘብ ወይ ንብረት ከከም ኩነታቱ
ንመንግስቲ ወይ ንህዝቢ ከምዝምለስ ናይ ምግባር፡

(6) ንድንጋጌታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ብበይናዊነት ናይ ምትግባር።

4. <u>ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ዝርከቡን ኣቐዲሞም ተራእዮም ዝተወሰኑን ጉዳያትን</u>

(1) እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ግብሪ ቅድሚ ምውዓሉ ኣብ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ውሳኔ ከይተዋህቦም ኣብ ቆጸራ ዝርከቡ ንብልሽውና፣ ስርቂ ወይ ምጥፍፋእ ዝምልከቱ ጉዳያት ናብ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ተመሓላሊፎም ብመሰረት ድንጋጌታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ተራእዮም ይውሰኑ።

(2) ፍሉይ ቤት ፍርዲ ኣቐዲሞም ንዝተወሰኑን ዳግመ-ምርኣይ የድልዮም ኢዩ ኢሉ ንዝኣመነሎምን ንብልሽውና፡ ስርቂ ወይ ምጥፍፋእ ዝምልከቱ ጉዳያት ከም ብሓዲሽ ርእዩ ክውስን ይኽእል።

5. <u>ፍርዲ ወይ ውሳኔ ፍሉይ ቤት ፍርዲ</u>

(1) ፍርዲ ወይ ውሳኔ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ብብዝሒ ድምጺ ዝወሃብ ኮይኑ፡ ናይ መወዳእታ፡ ይግባይ ዘይበሃለሉን ብኡ ንብኡ ተፈጻምን ይኸውን።

(2) ዝምልከቶም ትካላት መንግስቲ ኤርትራ ንትእዛዛት፡ ውሳኔታትን ፍርድታትን ፍሉይ ቤት ፍርዲ ናይ ምትግባር ግዴታ ይህልዎም።

6. <u>ደረት ተፈጻምነት</u>

(1) ንብልሽውና፡ ስርቂ ወይ ምጥፍፋእ ዝምልከቱ ናይ መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ድንጋጌታት ከምኡ'ውን ብድንጋጌታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ንዝተሸፈኑ ጉዳያት ዝምልከቱ ካልኦት ሕግታት፡ ኣዋጃት፡ ሕጋጋትን መምርሒታትን ነዚ ኣዋጅ'ዚ ብዝምልከት ተፈጻምነት ኣይህልዎምን።

(2) ድንጋጌታት መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ፡ መሰጋገሪ ሕጊ ገበናዊ ስርዓትን ካልኦት ናይ ገበን ሕግታትን ብርእይቶ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ምስ ድንጋጌታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዘሳንዩ ኮይኖም ምስ ዝርከቡ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ክግልገለሎም ይኽእል።

7.ግዴታታት ትካላት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ምኽባር ሕጊ፡ ጸጥታን ፖሊስን ኣብያተ ማእሰርትን

ንድንጋጌታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ምትግባር ሓላፍነት ብቐንዱ ናይ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኮይኑ፡ ትካላት ምኽባር ሕጊ፡ ጸጥታን ፖሊስን ኣብያተ ማእሰርትን ካብኦም ዝድለ ናይ ስራሕ እጃም ናይ ምፍጻም ግዴታ ይህልዎም።

8.ናይ ምትሕብባር ግዴታ

ዝኾነ መንግስታዊ ወይ ብሕታዊ ትካል ወይ ውልቀሰብ ምስ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ናይ ምትሕብባር ግዴታ ይህልዎ።

9.ዘይተሓታትነት ዳያኑ ፍሉይ ቤት ፍርዲ

ዳያኑ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንድንጋጌታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ምትግባር ብቕኑዕ ልቦና ብዝፍጽምዎ ጌጋታት ብገበን ኮነ ብሲቪላዊ ጉዳይ ካብ ምሕታት ነጻ ይኾኑ።

10.ዝናት

(1)ዝኾነ ሰብ ንድንጋጌታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዝጥሕስ ወይ ትግባሬኦም ዘተዓናቕፍ ከም ገበነኛ ተቖጺሩ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ(3-5) ዓመት ብዘይዛይድ ናይ ማእሰርቲ ወይ ካብ ዓሰርተ ሽሕ ክሳብ ዕስራ ሽሕ (10,000 - 20,000)ብር ብዘይዛይድ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ወይ ብኽልቲኡ ይቕጻዕ።

(2)ዝኾነ ብድንጋጌታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዝተዋህቦ ስልጣን ኮነ ኢሉ ብዘይ ኣገባብ ዝጥቀም ሰብ ከም ገበነኛ ተቖጺሩ ብመሰረት ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (1)ናይዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝሰፈረ መቕጻዕቲ ይቕጻዕ።

11. <u>ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ</u>

እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስመራ፣ 6 ሚያዝያ 1996

መንግስቲ ኤርትራ